# ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመርና ንመናእሰይ ፍሉይ ትኹረት ዝሃበ መስመር እዩ!!!!

ቐንዲ ሽኻላት ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመርና ቅልጡፍ፣ ዘላቒን ፍትሓዊ ተጠቃምነት ህዝብና ዘረጋግፅ ልምዓት´ዩ፡፡ ነዚኦም ብናይ ግዜ የለን ኣተሓሳስባን ተግባርን ብፅንዓት ብምቅላስ ዝፍፀሙ ከምዝኾኑ´ውን ብንፁር ኣቕሚጡ´ዩ፡፡

ነዞም ልዕል ኢሎም ዝረኣናዮም ሽኻላት ልምዓታዊ ዴሞክራሲያዊን መስመርናን ቅኒት ኣፈፃፅማን ብፅንዓት ሒዝና ኢና እምበኣር ነቲ ሃገርና ንዘመናት እንትፈለጠሉ ዝነበረት ድሕረትን ድኽነትን ኣናጊፍና  ኣብ ክንድኡ ብኢኮኖሚ ዝማዕበለት፣ ኩሎም ናይ ሃገርና ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብማዕርነትን ዴሞክራሲያዊ ሓድነትን ተኣሳሲሮም ኣብ ዝማዕበለ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንክነብሩላን ራኣይ ሒዝና ንቓለስ ዘለና፡፡ እዚ ድማ ብሓፈሻዊነት ዝተቐመጠ ዘይኮነስ ብናይ ወለዶታት ሕድሪ ምቅብባልን ኣብ ንፁር ናይ ግዜ ገደብን ኮይንካ ዝፍፀም ንፁር ራኣይ´ዩ፡፡

ናብ ተርታ ዝማዕበሉ ሃገራት ዘስረዐና ብናይ ግዜ የለን ኣታሓሳስባን ተግባርን እንሰርሖ ንፁር ናይ ግዜ ሰሌዳ ዘሎዎ ራኣይ´ዩ፡፡ ኣብ 2017 ዓ/ም ናብ ዝተሓተ ብርኪ ማእኸላይ እቶት ድሕሪ 10-15 ዓመታት ድማ ናብ ማእኸላይ እቶታት 10-15 ዓመት ወሲኽና ድማ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ማእኸላይ እቶትን ድሕሪኡ ድማ ናብ ምዕቡላት ሃገራት ዘፅንብረና ንፁር ራኣይ ሒዝና ኢና ስንና ነኺስና ንቃለስ ዘለና፡፡እዚ ካብ 30-40 ዓመታት ዝወሰድ ጉዕዞ ቓልስን ምዕዋት ራኣይ ሃገርናን ድማ ኣብ እንግደዓ እቲ ዝሓለፈ ትውልዲ ዘይኮነስ ኣብ እንግዳዓ እቲ ሐዚ ዘሎ መንእሰይን ንሱ ዘርከቦም ናይ ሐዚ ህፃናትን´ዩ ዝወድቕ፡፡

ስለዝኾነ´ውን እቲ ሐዚ ዘሎ መንእሰይ ነዚ ከምዚ ዝበለ ዘግምጅው ራኣይ ግን ድማ ብፅንዓት ተተቃልስካ ህያው ዝኸውን ራኣይ ሓደራን´ዩ ተሸኪሙ ዘሎ፡፡ ነዚ ናይ ሃገርናን ህዝብናን ህልዉና ዝውሰን ራኣይ ኣብ ምዕዋት ኣብ ኢድ እቲ ናይ ሐዚ መንእስይ ዝውሰና ክልተ ኣማራፂታት ኣሎዋ፡፡ እቲ ሓደ ሕድሪ ኣያታቱን ክልላዊን ሃገራዊን ግቡኡ ተዘይተዋፅኡ እቲ ራኢይ ተጀሚሩ ነይሩ ግን ድማ እቲ ናይ ሐዚ ወለዶ መንእሰይ ኣየቐፀሎን ክበሃል´ዩ፡፡ እቲ ካልኣይ ከምቲ ጀሚርዎ ዘሎ ኣብ ቓልሱ ዘጋጥምዎ ሕልኽላኻት ብፅንዓት ተቓሊሱ እናፈትሖ እንተዓውትዎ ከምቶም ናብዚ ዘብፅሑና ኣያታቱ ዳግማይ ድሙቕ ታሪክ ክሰርሕ´ዩ፡፡ ክልቲኡ ውሳነታት ኣብ ኢድ እቲ ናይ ሐዚ

መንእሰይ´ዩ፡፡ ውድብና እዚ ናይ ሐዚ መንእሰይ ዘሎዎ ረዚን ሕድሪ ተሸኪሙ ኣብ ፅላል መስመር ውድቡ ዓሲሉ ብፅንዓት እናተቓለሰ ዝጀመርናዮ ራኢ.ይ ህዳሴ ሃገርና ኣጠናኺሩ ብምቕፃል ነቶም ናይ ሐዚ ህፃውንቲ ናይ ፅባሕ ፍረታት ብድሙቕ ታሪክ ከምዘርክቦም ክንዲ ጥረጣፍ ትኸውን ጥርጥር ኣይብሉን፡፡

ድሮኳ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመር ውድብና ዝፈጠረልና ዕድላትን ኣብ ፅላል እቲ መስመር ዓሲልና ብዝገበርናዮ ምንቅስቓስን መነባብሮ ህዝብና ዝቐይሩ ጭቡጣት ለውጢታት መፅኦም´ዮም፡፡ ኣብዞም ከም ህዝቢ ዝመፁ ለውጢታት መናእሰይ´ውን ከም ኣካል ህዝብና ተሳታፎናን ተጠቃምነትናን እናዓበየን መነባብሮና እናተለወጠን ከምዝመፀ ጉህድ ሓቂ´ዩ፡፡

ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመርና ኣብ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ምርግጋፅ ብሓፈሻዊነት ከምዘይመፅእ ብንፁር መሊስዎ ዝሓደረ´ዩ፡፡ ሕድሕድ ክፋል ሕ/ሰብ ብዝገብሮ ኣስተዋፅኦ ፍትሓዊ ተጠቃምነቱ ንምርግጋፅ´ውን ንፁር ስትራተጂታት ፖሊስታትን ፓኬጃትን ሓንፂፁ´ዩ፡፡ ብፍላይ ካብቲ ጠቕላላ ሕ/ሰብ ፋሉይ ትኹረት ዘድልዮም ከም ንመናእሰይን ደ/ኣንስትዮን ዝኣመሰሉ ክፋላት ሕ/ሰብ ድማ ብመንፅር ዘሎዎም ዕድላትን ቐፃልነት ናይ ህዳሴ ጉዕዞናን ብምርኣይ ናይ ባዕሎም ንፁር ፓኬጅ ተቐሪፁ ብወሳናይ ዝተወደበ ተሳትፍኦም ኣብዚ ፓኬጅ ዝተተሓዙ ሽቶታት ብምዕዋት ተሳትፎኦምን ተጠቃምነቶምን ንክሕይል ዕቱብ ርብርብ እናተገበረ መፅኡ´ዩ፡፡ ብተግባር´ውን ጭቡጣት ለውጢታት መፅኦም´ዮም፡፡ እዚ ለውጢ እዚ ክመፅእ ዝኸኣለ ድማ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመርና ነቲ ናይ ሃገርናን ክልልና ጭቡጥ ኩነታትን ፀጋታትን ሳይንሳዊን ብዝኾነ ገምጋሙ ንፀጋታትና ፀንቂቑ ንምጥቃም ዘኽእለና ንፁር ስትራተጂ ብምሕንፃፁ´ዩ፡፡

ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ዝመርሐ ኢንዳስትሪያላዊ ምዕባለ ምርግጋፅ ዝብል ስትራተጂና ድኽነትን ድሕረትን ዝቕበር ዘለና ዓብይ ፀጋ ጉልበትን መሬትን ከምዝኾነ ኣስምሪሉ´ዩ፡፡

ኣብ ትግራይ ጥራሕ ተሪኢ.ና እኳ ካብ ሓሙሽተ ሚሊዮን ዝኸውን በዝሒ ህዝቢ ትግራይ እቲ 1,600,908 (32%) ካብ15-35 ዝዕድሚኡ መናእሰይ´ዩ፡፡ ብሙኳኑ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመርና ኣብዚ ዙርያ መለሽ ንምርግጋፅ ሕ/ሰባዊ ለውጢ እንገብሮ ዘለና ምንቅስቓስ ነቶም ነዚ ኣፍላ ጉልበትን ቐንዲ መፍረይ ሓይልን ዝኾነ መንእሰይ ከየሳተፍካን ምስ ካልኦት ፀጋታትና ኣዋዲድካን ውፅኢ.ታዊ ብዝኾነ ከይተጠቐምካን ከምዘይዕወት ኣስሚርሉ ዝሓደረ´ዩ፡፡

ስለዝኾነ´ውን ዝሓንፀፅናዮ ስትራተጂ ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ዝመርሖ ኢንዳስትሪያላዊ ልምዓት ንክዕወት ዝዉሱኑና ቁልፊ ፀጋታትና ጉልበትን መሬትን´ዮም፡፡ ኣብ ድኽነት ዘለና ሃገር ብሙኻና ዓቕሚ ካፒታል ኣይሃነፅናን፡፡ ዓቕሚ ካፒታል ክንሃንፅ ነቶም ኣብ ኢድና ዘሎዉ ፀጋታት ፀንቂቕናን ውፅኢታዊን ብዝኾነ መንገዲ ብምጥቃም ጥራሕ ኢና ዕውት እንገብሮ፡፡ ኣብ ገጠር ይኹን ከተማ ተጠቃምነት ህዝብና ዘረጋግፅ ስትራተጂ ዝዕወትን ፍትሓዊ ተጠቃምነት ህዝብና እናተረጋገፀ መነባብሮና ዝቕየርን ናይ ቤ/ሰብ ጉልበት ማእኸል ብምግባር ብልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መንግስትና ምስ ዝግበር ናይ ቴክኖሎጂን እታወታትን ደገፋት ኣዋህህድካን ፀንቂቕካን ብምጥቃም ጥራሕ´ዩ፡፡ በዚ መንፅር ዝተወደበ ናይ መናእሰይ ተሳትፎ ምህላውን ዘይምህላውን ንናይ ባዕሎም ተጠቃምነት ምርግጋፅ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብቲ ንክነረጋግፆ ንደሊ ዘለና ኣጠቓላሊ ሕ/ሰባዊ ለውጢን ምዕዋት ጉዕዞ ህዳሴናን´ውን ወሳኒ ብፂሒት ከምዘሎዎ ብንፁር ተቐሚጡ´ዩ፡፡

ስለዝኾነ´ውን ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ግደ መናእሰይ ኣብ ምርግጋፅ ህዳሴ ሃገርናን ክልልናን ዘሎዎም ቁልፊ ብፅሒት ብምርድዳእ ቅድም ቐዳድም ብናይ ባዕሎም ዝተወደበ ተሳትፎ ተጠቃምነቶም ንምርግጋ ዘኽእሎም ንፁር ፓኬጅ ተቐሪፁ ሰፊሕ ምርብራብ እናተገበረ መፅኡዩ፡፡ ዓበይቲ ለውጢታት´ውን ኣረጋግፅና ኣለና፡፡ ነዞም ጀሚርናዮም ዘለና ምርግጋፅ ለውጢ ዛይዳ ንክሕይሉ ድማ ዛጊድ ነቲ ናይ መናእሰይ ፓኬጅ ከም መድረኽ ተጠቂምና ተሳትፎን ተጠቃምነትን መናእሰይ ንምርግጋፅ ኣብ ዝተገበረ ርብርብ ብሓደ ገፅ ብጥንካረን ብዝርዝር ገምግምና ነቶም ጥንካረታትናን ብሉፃት ስራሕትናን ብምግፋሕ ብኻሊእ ገፅ ድማ ካብ ናይ መናእሰይ ዝተወደበ ተሳትፎን ምርግጋፅ ተጠቃምነትን ወፃእ ጉዕዞ ህዳሴና ብሓፈሻን ምርግጋፅ ምዕቡል ሕ/ሰባዊ ለውጢን ድማ ብፍላይ ዝበሃል ነገር ከምዘይሕሰብ ዝተማለኣ ግልፅነት ሒዝና ክንወፍር ኣለና፡፡ ኣብ መናእሰይ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ዘሎዉና ሕፅረታትና ብናይ ግዜ የለን ኣታሓሳስባ ናብ እንፈትሓሉ ዉዑይ ናይ ቓልሲ መድረኽ ተሰጋጊርና ንርከብ፡፡